ክፍሊ 11ን 12ን

Public education
**Discover a world of opportunities**

# መምርሒታትድርሰት/ ቴማ እንክግለጹ

## መምርሒታት ድርሰት እንክግለጹ

ድርሰት ቅድሚ ምጅማርካ ንስኻ ነቲ ሕቶ ክትርደኦ ይግበኣካ። ነዚ ንምትግባር እቶም ትእዛዛዊ ቃላት ክትፈልዮም ኣለካ - እዚኦም ኣብ’ቲ ሕቶ ዝርከቡ ቃላት ኮይኖም እንታይ ክትገብር ከምዘለካ ዝነግሩኻ’ዮም። መግለጺ ናይ ገለ ናይ ድርሰት ሕቶታት ክትረኽበሎም እትኽእል ዝተለምዱ ትእዛዛዊ ቃላት ኣብ ታሕቲ ኣለው።

| ትእዛዛዊ ቃላት | ትርጉም |
|---|---|
| ተንትን | እቶም ቀንዲ ሓሳባት ርኸቦም: ከምኡ’ውን ብኸመይ ከምዝዛመዱን ንምንታይ ኣገደስቲ ከምዝኾኑን። |
| ግምገማ ኣካይድ/ገምግም | ሓደ ነገር ክሳብ ክንደይ ሓቂ ከምዝኾነ ምዘን። ዝኾነ ኣበራትን ተጻራሪ መጎተታትን ፈሊኻ ኣመልክት። ምስ’ቲ ፈለማ ዝቐረበ መርገጺ ትሰማማዕ እንተኾንካ ብንጹር ኣቐሚጥካ መደምደምታ ግበር። |
| ኣነጻጽር | ኣብ መንጎ ክልተ ነገራት፡ ኣምራት ወይ ሓሳባት ዘሎ ተመሳሳልነትን ፍልልያትን ኣለሊ። ኣየኖት ዝመሳሰሉ ወይ ዝፈላለዩ ነገራት ዝያዳ ካብ ካልኦት ኣገደስቲ ከምዝኾኑ ምስኡ ኣካትት። |
| ፍልልያት ኣነጻጽር | ዘየራኽቦም ነገራት፡ ፍልልያት፡ ፍሉይ ወይ መለለዪ ጠባያት ፈሊኻ ኣውጽእ። |
| ብነቐፌታዊ ዓይኒ ገምግም ወይ ግምገማ ግበር | ብዛዕባ ሓደ ኣብ ናይ መጽናዕታዊ ስራሕ ዝተበጽሐ መደምደምታ ዘለካ ርእይቶ ኣቕርብ። ምስኡ ትሰማማዕ እንተኾንካ’ውን ግለጽ። ምስ’ቲ መደምደምታ ዝሰማማዕን ዘይሰማማዕን መርትዖ ምስኡ ኣካትት። እቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ረቛሒታት ብምዝርዛር መደምደምታ ግበር። ንምንታይ ከምእትሰማማዕን/ዘይትሰማማዕን ምኽንያት ኣቕርብ። |
| ትርጉም ሃብ | ነቲ ትርጉም ብንጹር ግለጽ፡ ነቶም መለከዒታት፡ ባህርያትን ጠባያትን ከኣ ዘርዝሮም። |
| ግለጽ | ብዛዕባ ብኸመይን ንምንታይን ሓደ ነገር የጋጥም ዝርዝር መግለጺ ኣቕርብ። |
| ዘቲ/ዘተ ኣካይድ | ንሓደ መጎተ ዝድግፍን ዝጻረርን ምኽንያት ኣቕርብ፡ መዕጸዊ ኸኣ ግበረሉ። ጥቕምታትን ጉድኣታትን ፈሊኻ ኣመልክት። |
| ዕሙቕ ዝበለ መብርሂ ሃብ | ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ዝያዳ ዝርዝር ሃብን ዝያዳ ሓበሬታ ኣቕርብን። |
| ዳህስስ | ሓደ ሜላ ኣተሓትታ ሓዝ፡ ፍልልይ ዘለዎም ዝተፈላለዩ ርእይቶታት ከኣ ኣብ ግምት የእቱ። |
| ተርጉም | ብዛዕባ ሓደ ዛዕባ ወይ ኣርእስቲ ዘለካ መረዳእታ ኣርእይ። |
| ምኽንያት ሃብ | ሓደ ነገር ንምንታይ ከምኡ ኢዩ ኢልካ ከምእትሓስብ መብርሂ ኣቕርብ። ምኽንያታት ሃብ፡ ናትካ መደምደምታ ቅድሚ ምግላጽካ ምስ ናትካ ዝጻረሩ ርእይቶታት ኣብ ግምት ብምእታው ሚዛናዊ ዝኾነ ክትዕ ኣቕርብ። |
| ዳግም ምርኣይ/ግምገማ | ኣገደስቲ ነጥብታት ጽሞቆም፡ ከምኡ’ውን ኣገዳሲ እንተኾይኑ ነቐፌታዊ ርእይቶ ሃብ። |
| ጽሟቕ ትሕዝቶ ሃብ | ቀንዲ ሓቅታት ዘካተተን ዘየድሊ ሓበሬታ ዝገደፈ ጥርንፍ ዝበለ ዓይነት ጽሟቕ ሃብ። ንኸምዚ ዓይነት መልሲ ከምልሙድ ሕጽር ዝበሉን ሓፈሻዊን ኣብነታት እኹላት’ዮም። |

Department of Education

education.wa.edu.au.

© Department of Education, Western Australia, 2015

CC BY